# ዕድመ

ብጴጥሮስ ተኽሉ፤(ሓላዩ)01/06/2010

ጽላል ደመናይ ኩኒ ከም ቐደምኪ
ጠሊ ሃብኒ ጽላለይ ኮንኪ፣
ሓጽሬ መዕቀሊ፣ሃሩር መጽለሊ
መሪጸኪየ ከተገልግሊ፣

    ድምጺ ጨካናት ናይ ጸላእትና
    ዓረምረም! ይበል ይፍረስ ከም ካና
    ነእዊሎና ታሪኽ ሃሰሰ
    ጽላል ኩንና ከይተደምሰሰ፡

ውራይና በጺሑ እወ ተገምጊሙ
ብዘይሕለል ቃልሲ ምዓልቲ ኽቲሙ
ዝጸምለዎ ሓሳብ ዝነቐጸ ሕልና
ባዕሉ ኣዊጅዎ ከምዘይኮነ ናትና፣

    ሕልና ከምኽኽ ፈቲኑ ከንበርኽኽ
    ዋኒኑ ረሲዑ ዘይበለካ ሕንኽ
    ክርቢት ሽራጢጡ ተኖቑቱ ኣብህልኽ
    ወጊድ ዝተጋሕፈ ከካውስ ክድልኽ፡

ፍቕርና ክነቅጽ ሓሳብና ክውሕድ
ሓው ንሓው ዘናቑት ክውልዑ ሕድሕድ
ሕጉስ ዝነበረ ብሓዘን ክፈዝዝ
መርዚ እንዳነስነሱ ኣጽኒሖሞ ድንዙዝ፡

ደስታ ወቓዕቲ ከበሮ ተሪፉ
ወኻዕታ ሓጎስ ህዝቢ ሃፊፉ
'ዳርኣኻ ጥርቅም 'ታዩ ትርፉ
ናብ ንቡር ክንምለስ ንዋዕላ ህረፉ፣
    ዝዓረበ ታሕጋስ ዳግማይ ክትንስእ
    ዋዕላ ደቀባት'በር መጽዩ ዘዋስእ
    ሰላም ሲኑ ዝገዓዘ ደስታ
    ዕድመ! ይብል ኣሎ ኣብ ናይ ዋዕላ ቦታ።
ዕድመ ንኹሉ ደላይ ሰላም!
ዕድመ ንኹሉ ዝምልከቶ!
ዕድመ ንወሰንወሰን ዝብሉ፤
ዕድመ ንሃገራዊ ዋዕላ!
ዕድመን ዘልዓለማዊ ዝኽሪን ንስዉኣትና!
ዕድመ ንተቐበልቲ ሕድሪ ስዉኣትና!
ዕድመ ንቐጻልነትን ህልውናን ልዑላዊት ሃገርና ኤርትራ!
ዕድመ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝቃለሱ!
ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ምስ ሃገራዊ ዋዕላ ንቕድሚት!